diskriminerings
ombudsmannen

# ዋሕዲ ተረካብነት ኣድልዎ እዩ?

**ኣብ ሓደ ተረካብነት ዘሎዎ ሕበረተ ሰብ፥ ደቂ-ሰባት ስንክልናዊ ዓቕሞም ብዘየገድስ፡ ማዕርነት ብዘለዎ ኩነት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ንኣብነት፡ ክትመሃር፡ ክትሰርሕ፡ ክትገይሽ ከምኡውን ነንበይኑ ጉዳያት ክተሳልጥ ምኽኣል እዩ።**

**ብዙሕ ጊዜ ግን፡ ነንበይኖም ዓገትቲ ኩነታት ድማ ኣሎዉ እዮም። እቲ ብመልክዕ ዋሕዲ ተረካብነት ንዝፍጸም ኣድልዎ ዚእግድ “ሕጊ-ኣድልዎ”፥ ዕላምኡ ተረካብነት ዘሎዎ ሕብረተ ሰብ ንኽህሉ ኣበርክቶ ንምግባር እዩ።**

## እቲ ሕጊ እንታይ ይብል?

ዋሕዲ ተረካብነት ብሕጊ ኣድልዎ ክትርጐም ከሎ፥ ሓደ ስንክልና ዘሎዎ ሰብ፡ ኣብ ሓደ ቤት-ንጥፈት፡ ንኣብነት ኣብ ሓደ ቦታ ስራሕ፥ ቤትትምህርቲ ወይ ቤት-መሸጣ፥ መታን እቲ ሰብ’ቲ ብደረጃ ናይቶም ከምቲ ናቱ ስንክልና ዘይብሎም ሰባት ጌሩ ክኣትወሉ ዘኽእል ምኽኑያት ንዝኾኑ ስጉምቲታት ብዘይ ምውሳዱ፥ ኣብ ልዕሊ’ቲ ሰብ ዝፍጽሞ ኣድልዎ እዩ።

ኣድልዎ ክፍጸመካ ማለት፡ ብቕልል ዝበለ ኣዘራርባ፡ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ክግበረልካ ከሎ፥ ንሓደ ነገር ክትረኽቦ ዘይምኽኣል፥ ወይ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ከም ትህሉ ምግባርካ ማለት’ዩ።

## ንተረካብነት ተባሂሎም ዚውሰዱ ስጉምቲታት ኣየኖት ክኾኑ ይኽእሉ?

ኣብነታት ናይቶም ኪውሰዱ ናይ ዚኽእሉ ስጉምቲታት፥ ሓደ ሰብ ኣብ ቤትትምህርቲ ከይዱ ትምህርቱ ንኽከታተል ወይ ንኽሰርሕ፥ ነቲ ሰብ’ቲ ዘድልዩ ሓገዝቲ መሰርሒታት ምድላው፥ ማለት ናብቶም ክፍሊታት ዚወስድን ኣብ ውሽጢ ንዘሎዉ ልዳታት ምምድማድ ወይ ውን ኣብ ሓደ ሬስቶራንተ፡ ነቲ ዘድልዮ ሰብ፡ ዝርዝር ናይቲ ክቐረብ ዚኽእል መግቢታት ምንባብ ክኸውን ይኽእል።

ብዛዕባ ሓደ ስንክልና ዘሎዎ ሰብ፥ ኣብ ሓደ ንግዚኡ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈት ክካፈል ምኽኣል ክኸውን ይኽእል’ዩ፤ ዋላኳ፡ ብልክዕ ብኸምቲ ናይ ካልኦት ሰባት ደረጃ ክትግበር እንተ ዘይተኻእለ።

## እዚ ሕጋጋት’ዚ ዝምልከቶም ኣየኖት እዮም?

እቲ ኣብ ስንክልና ዘሎ ሰብ፥ ብዛዕባ ተረካብነት ናይ ነገራት፥ ገለ ጠለባት ከቕርብ መሰል ኣሎዎ። ንኣብነት ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ኣብ ቤትትምህርቲ፡ ኣብ ክንክን-ሕማምን ሓለዋ-ጥዕናን፡ ኣብ ድኳናትን ከምኡውን ኣብ ሬስቶራንተታትን እዩ።

እቲ ሓላፊ ናይ ሓደ ቤት-ንጥፈት ዝኾነ ሰብ - ንኣብነት ሓደ ወሃብ-ስራሕ፡ ሓለቓ ቤትትምህርቲ ወይ ዋና ናይ ሓደ ድኳን - እቲ ናቱ ቤት-ንጥፈት፡ ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ተረካብነት ከም ዚህልዎ ንምግባር፥ ነቶም ምኽኑያት ዝኾኑ ስጉምቲታት ክወስዶም ይግብኦ እዩ።

## እዚ ዚምልከቶም መዳያት ኣየኖት እዮም?

እቲ ነቲ ብመልክዕ ሕጽረት ናይ ተረካብነት ዚግበር ኣድልዎ ዚኽልክል ሕጊ፥ ብዘይካ ኣብቲ ብሰብ ዚግበር ናይ ምክራይን ምሻጥን ኣባይቲ ትውጊታት፥ ኣብዚ ጊዜ'ዚ በዚ መሰረት ናይ ኣድልዎ ሕጊ፥ ንዅሎም መዳያት ናይ ሕብረተሰብ ውን ዘገልግል እዩ። ካብቶም ነዚ ዚምልከቶም መደያት ገለ ኣብነታት፥

- ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም
- ኣብ ትምህርታዊ ትካላት
- ኣብ ሓለዋ-ጥዕናን ክንክን-ሕማምን (ንግላውያን ናይ ሕክምና ኩባንያታት ውን ከይተረፈ)
- ኣብ ቤትስልጣን ማሕበራዊ ኣገልግሎት
- ኣብ ርክባት ናይ ግለ-ሰባት ምስ ኣብያተስልጣን (ኣቀባብላ)
- ኣብ ቑሑትን ኣገልግሎትን ንግዳዊ ኣብያተ-ንጥፈታት ዘካትት እዩ።

## እቶም ዚውሰዱ ስጒምቲታት ምኽኑያት ክኾኑ ኣሎዎም ማለት እንታይ ማለት'ዩ?

እቲ ናይ ሓደ ቤት-ንጥፈት ሓላፊ ዝኾነ ሰብ፥ ነቶም ምኽኑያት ዝበሃሉ ናይ ተረካብነት-ስጒምቲታት፣ ከተግብሮም ኣሎዎ። እቲ ምኽኑይ-ስጒምቲ ዚበሃልከ እንታይ'ዩ? እዚ ሕቶ'ዚ፣ ንነፍሲ-ወከፍ ጉዳይ በብውልቁ ብምርኣይ ደኣ'ምበር፥ ሓፈሻዊ ዝኾነ መልሲ ክትህበሉ ኣይክኣልን'ዩ።

ነቲ መገምገሚኻ ከም መበገሲ ጌርካ እትጥቀመሎም፥ ነቶም ብዛዕባ ናይ ተረካብነት-ጠለብ ኣብ ካልእ ሕግን ሕጋጋትን ውን እንታይ ሰፊሮም ከም ዘሎዉ ብምምልካት'ዩ። ንሳቶም ድማ፣ ንኣብነት ሕጊ ከባቢ-ስራሕ፣ ሕጊ ቤትትምህርቲ ወይ ሕጊ መደብን-ህንጻን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ከምዞም ዓይነት ጠለባት'ዚኣቶም ምስ ዘይህሉ ግን፥ ንቕልል ዘበሉ ናይ ተረካብነት-ስጒምቲታት ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ከም ኣብነት ክጥቀስ ዚኽእል፥ ኣብ ሓደ ድኳን ንገለ ኣቑሑት ክግልሱልካ ምኽኣል ወይ ኣብ ህዛባዊ-መጐዓዓዚ ንሓደ ተሳፋራይ ከም መሰነይታ ናይ ምኺን እዩ።

ኣብቲ ኣየናይ'ዩ እቲ ምኽኑይ ኢልካ ገምጋም ክትገብር ከሎኻ 'ውን፥ ንኣብነት ሓደ ቤት-ንጥፈት እንታይ ግብራዊን ቁጠባዊን ኣኽእሎታት ኣሎዎ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። ካልእ ካብቲ ኣብ ናይ ግምገማ ግምት ዝኣቱ ውን፥ እቲ ኣብ መንጎ እቲ ዚምልከቶ ውልቀ-ሰብን ሓደ ቤት-ንጥፈትን ዘሎ ናይ ርክብ ጊዜ ንውሓትን ናይ ዝምድና ስፍሓትን እዩ። ንኣብነት ከም ምኽኑይ ጌርካ ተወሲዱ ክትጠልብ ዘኽእል፥ ንሓደ ናይ ሓጺር ጊዜ ርክብ ዘይኮነስ፥ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ መቑጸርቲ ኩነታት፥ ከምኡ ውን ኣብ ሓደ ንንውሕ ዝበለ እትኸዶ ናይ ትምህርቲ ጊዜን እዩ።

## ካብ ምድሪ-ቤት ክሳብ ናሓሲ

ነቲ ሕጊ ቅዩድ ኳንካ ምስዓብን፣ ነቲ ብመልክዕ ሕጽረት ተረካብነት ዚግበር ኣድልዎ እገዳ ዘይምጥሓስን ብትሑት ደረጃ ዚርአ እዩ። ከም ምድሪ-ቤት ክጥቀስ ይክኣል'ዩ። ናብ ናሕሲ ንምብጻሕ ምኽኣል - ነቲ ንጥትፈታትካ ውን ንዅሎ ኣካለስንኩላን ምሉእ-ብምሉእ ተረካብነቱ ክተውሕስ - ብዙሕ ዚሓትት'ዩ። ንሓደ ተረካብነት ዘሎዎ ሕብረተ ሰብ ምስራሕ ማለት፥ ንዅሉ-ዝሓቁፍ፣ ዘላቕነት ዘለዎን ንሰብኣዊ-መሰላትን ምስራሕ ማለት'ዩ። ሓደ ካብቲ ክግበር ዚኽእል ኣገባብ ድማ፥ ነቲ ቤት-ንጥፈትካ ካብ መጀመርትኡ ብዝተኻእ መጠን ንብዙሓት ክኸውን ከም ዚኽእል ጌርካ ንምድላዉ ምፍታን እዩ።

"ብዓልስልጣን ኣቤቱታ ኣድልዎ" (DO)
www.do.se
Box 4057, 169 04 Solna
ቴሌፎን 08-120 20 700
ኢ-ፖስት do@do.se

Detta är en översättning till tigrinska av DO:s informationsblad ”Bristande tillgänglighet är diskriminering”.